# ዝርዝር ኣገደስቲ ነጥብታት ኣብ ምርጫ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

ካብዚ ኣስዒብና ትምህርቲ ክትመርጽ ከሎኻ ክትሓስበሎም ዚግበኣካ ሓደሓደ ንጥብታት ኣኪብና ኣሎና። ጭብጥታት ኣናዲ! ሕቶታት ኣቕርብ፡ ዝተፈላለዩ ምርጫታት ኣመዛዝን።

## ናትካ ዕማም

እቲ ንዓኻ ኣገዳሲ ዝኾነ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምስ'ቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ዚህባኦ ሓበሬታ ኣወዳድር። ምናልባት ቋንቋ ክትመሃር ትደሊ'ዶ ትኸውን? ኣብ ፍሉይ ዓይነት ስፖርት ክትነጥፍ ኣኽእሎ አሎ'ድዩ? ወይ ብፍሉይ መንገዲ ናይ ምስራሕ ኣኽእሎ አሎ'ድዩ? ብእዋኑ ከሎ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ምርጫታት ሓበሬታ ኣክብ እምበር ክሳብ ግዜ ዚውዳእ ኣይትጸበ።

## ትሕዝቶ ትምህርቲ

እንተደኣ ንዓኻ ኣዝዩ ዘገድስ ትምህርቲ መሪጽካ፡ ናይ ምዕዋት ኣኽእሎኻ ዓቢ'ዩ። ነቲ ትመርጾ ትምህርቲ ዘለዎ ትሕዝቶ ኣርጊጽካ ተረዳእ። ናይ'ቲ ትምህርቲ ትሕዝቶ ኣስተውዒልካ ርአዮ። እቲ ትምህርቲ ክትቅጽልን ኣብ ስራሕ ዓለም ክትነጥፍን ዘድልየካ ኩሉ ኣማልኣዮ።

## ምህሮ

ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክትቅጽል እንተኾንካ፡ እንታይ ዓይነት ብቕዓት ከምዘድልየካ ፈሊጥካ ምስ'ቲ እታ ቤ/ትምህርቲ ትህቦ ኮርሳት ኣነጻጽር። ኣብ Utbildningsinfo.se ተመሃሮ ናይ ምቕባል ሕግታት ሓበሬታ ኣሎ። እዚ ድማ ብዘይ መጠን ኣገዳሲ'ዩ ምኽንያቱ ካብ 2010 ጀሚሩ ሓደስቲ ናይ ተመሃሮ መቕባል ሕግታት ኪተኣታተዉ'ዮም።
ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሕግታት አቀባብላ ተመሃሮ ኣብ http://www.utbildningsinfo.se/sb/d/195/a/771 ኣሎ።

## ስራሕ

እንተደኣ ቀልጢፍካ ኣብ ስራሕ ዓለም ክትኣቱ መደብ ኣሎካ፡ ኣብ ትሕቲ ነፍሲወከፍ ፕሮግራም ተጠቒሱ ዚርከብ ሓበሬታ ኩነታት ስራሕ ኣንብብ። ኵነታት ስራሕ ኣብዚ ቐረባ ግዜ ከመይ ከምዝመስልን ኣበየኖት ጨናፍር ስራሕ ዝነውሐ ትምህርቲ ከምዝጥለብን ተገሊጹ'ሎ። ኣርቤትስኮምፓሰን ተባሂሉ ዝተሰየመ ክፍሊ መርበብ ኣርቤትስፎረሜድሊን ኣዕሚቑካ ተኸታተሎ። እቲ ምስ ወሃብቲ ስራሕ ዝገበርናዮ ቃለ-መሕትት'ውን ኣንብቦ።
ካብ 2008 ጀሚሩ ኣብተን ንሞያ ዘቀራርባ ፕሮግራማት ትምህርቲ ተልመደን ምትእትታው ፈተነ ይካየድ ኣሎ። ስለዚ ፍርቂ ጊዜኻ ኣብ ስራሕ ኢኻ ተሕልፎ። ኣብቲ ዘገድሰካ ቤ/ትምህርቲ እዚ ኣኽእሎ እንተሎ ሕተት። ቀጺልካ'ውን ኣብ ስራሕ ዝተወዝዐ ስልጠና (ኣርቤትስፕላትስ ፎርላግድ ኡትቢልድኒን፡ ኣፑ) ዝህቡ እንተኾይኖም ኣርጊጽካ ፍለጥ። ከመይ እቲ ጠቓሚ ዝኾነ ርክብን ተመኩሮን ኣብኡ ስለዘሎ!
ግልጺ ኮይንካ እቲ ሓቀኛ ድሌትካ ምረጽ።

Yrkeskompassen: http://yrkeskompassen.arbetsformedlingen.se

## ናትካ ምርጫ

እታ ቤ/ትምህርቲ ኣብ ምርጫ ኮርሳት እንታይ ዓይነት ዕድላት ትህብ? እቲ ናትካ ምርጫ ናይ ምግባር ተኽእሎ ካብ ትምህርቲ ናብ ትምህርቲ ከም ዚፈላለ ኣስተብህል። ሽሕ'ኳ ኣብ ሓደ ናጻ ቤ/ትምህርቲ ብፍሉይ ቅዲ ዝተሰናደአ ፕሮግራም ወይ ኣንፈት ፕሮግራም ይሃሉምበር ልክዕ ከምቶም ሃገር-ለኻውያን ፕሮግራማት ቤ/ትምህርቲ ኮሙን ዚህብዎ ተመረጽቲ ኮርሳት የቕርብ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ዋላ'ኳ ኣሉታዊ እንተዘይኮነ፡ ኣቐዲምካ ምፍላጡ ኣገዳሲ'ዩ።

created using BCL easyPDF Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

ብዛዕባ'ቶም "ህቡባት" ተባሂሉ ብቤ/ትምህርትታት ዚዝረበሎም ፕሮግራማት ኣጻሪኻ ፍለጥ። ክንደይ ኮርሳትን ክንደይ ዝኣክል ነጥብን ኢኻ ክትረክብ? ነየኖት ኮርሳት ኢኻ ኣብ ምርጫኻ ዘይተእትዎም? እንተደኣ ዘይበርሃልካ ነገር ኣሎ ወይ ትጠራጠር እንተኾይንካ፡ ውሳነኻ ንዳሕራይ ከተመሓላልፎ ትኽእል እንተኾይንካ ሓበሬታ ሕተት። ቅድም ናብ 2ይን 3ይን ዓመተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዘብጽሓካ ኣንፈት ፕሮግራም ኣብ ሓንቲ ቤ/ትምህርቲ ምረጽ።

## ቋንቋ

እታ ቤ/ትምህርቲ ኣየኖት ትምህርቲ ቋንቋታት ትህብ፡ ፍልጠት ቋንቋ ንሓዋሩ ዚጠቅም ክቡር ብኞዓት'ዩ። ካብ 2010 ጀሚሩ፡ ነቶም ልዕል ዝበለ ኮርሳት እንግሊዝኛ ዝተማህሩ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮለጃት ኬመልክቱ እንከለዉ ተወሳኺ ነጥቢ ከምዝሕሰበሎም ኣስተውዕል።

## ትምህርትኻ ወድእ!

ሓደሓደ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ እቶም ኣብ ስራሕ ዓለም ዝጸበበ ዕድል ዘለዎም እቶም ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣቋሪጾም ከይቀጸልዎ ስኽ ዝበሉ'ዮም። ዋላ'ኳ ትምህርቲ ዓቐብ ኮይኑ እንተተራእየካ፡ ዝገበርካ ጌርካ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ ክትዛዝም ፈትን። እንዳተማሃርካ እንክሎኻ ጸገማት እንተጋጠመካ ካብቲ ቤ/ትምህርተ ሓገዝ ሕተት። ምስ ተሓጋጋዚኻ (ሜንቶር)፡ ምስ ኣማኻሪ ሞያን ትምህርትን፡ ምስ መምህር ወይ ትኣምኖ ሰብ ተማኸር።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image